*መልሲ ንሕቶ ቁጽሪ ሓደ፡ 🌿 ዛራ ሰላም መዲያ ሰላም ከተምጽእ ዶ’ ትኽእል እያ?*

## 🌱 ትርጉም ሰላም፡

**ሰላም ጎንጽን ህውከትን ዘይምህላው ኣይኮነን። ሰላም ብህድኣትን ብኣኽብሮት ዘለዎ ባህልን ልምድን ዋላ ኣብ ርእይቶ ኣብ ንፋላለዩ ግዜ ነንሕድሕድና ክንመያየጥ ምውሳን ምትግባርን እዩ። ሰላም ማለት ምስ ፍልልያትካ እንከለኻ ነቲ ፍልልያት ናብ ባእስን ጎንጽን ከይቀየርካ ብሓባር ምንባር ማለት እዩ።**

## 🌿 ሰላም ብዓይኒ ዛራ ሰላም ሜድያ ክርአ እንከሎ፡

**ብዓይኒ ዛራ ሰላም ሜድያ ሰላም ማለት መዓልታዊ ብተግባር ኣብ ባህላዊ ክብሪ ዝተሞርኮሰ ኣኽብሮትን ትሕትናን ትዕግስቲን ሰብኣውነትን ዘለዎ ሂወት ምንባር ማለት እዩ። ሰላም ኤርትራውያን ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ፣ ዝኾነ ፖለቲካዊ ርእይቶ ይሃልዎም፣ ነንሕድሕዶም ክዘራረቡን ጽን ኢሎም ክሰማምዑን ርእይትኦም ብዘይ ፍርሒን ጸርፍን ባዕላዊ ፍርድን ክገልጽሉ ዝኽእልሉ ቦታን ኩነታትን ምፍጣር ማለት እዩ።**

**ሰላም ፖለቲካዊ መርገጽ ኣይኮነን። ሰላም ተርእዮ ስነ ስርዓትን ልኡም ጠባያዊ ባህርያትን ሃገራዊ ሓላፍነትን እዩ።**

## 🌾 ሕጉን ምትፍናን ዘለዎ ፖለቲካዊ ህሞት

**ህልዊ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሃለዋት ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኣጸቢቑ ዝነሃረ ምትፍናን ዘለዎ ምፍልላይ ዝሳዕረሮ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ጉጅለታትን ፖለቲካዊ ደምበታትን መጸውዒታትን ተፈላልዮም እዮም ዘለዉ። ኣብ ምንጎኦም ጠርጠራን ልዑል ምትእምማን ከኣ ትሑት ኮይኑ ዝርርቦም መብዝሕትኡ ናብ ቀየቛን ባእስን ዝቐየረሉ ኩነታት ዝዓብለሎ ሃለዋት ይነብሩ ከም ዘለዉ ርኡይ እዩ።**

**እዚ ፍልልይ’ዚ ኸኣ ነንሕድሕድና ብህድኣት ክንዘራረብን ክንላዘብን ክንተሓባበርን ሓባራዊ ሃገራዊ ራኢ ናይ ምትላም ተኽእሎና ኣዝዩ ዘዳኽም ተርእዮ እዩ።**

## 🌿 መበቆል ናይዚ ሕጉን ምትፍናን ብርእይቶ ዛራ ሰላም ሜድያ፡

- 🌱 ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ምትእምማን ዘይምህላዉ
- 🌱 ዝጸንሑ ግን ዘይተፈወሱ ቁስልታትን ፍልልያትን ስለ ዘለዉ
- 🌱 ፍርሒ ካብ ምድሃልን ዘይምርዳእን ወይ መጥቃዕትን
- 🌱 ፖለትካዊ ፍልልይ ውልቃዊ ባእሲ ስለ ዘስዕብ
- 🌱 ወገንካ ጥራሕ ቅኑዕ ምኻኑ ምእማን

ሕኑን ምትፍናን ብኣብዝሓ ርእይቶታና ዘይኮነስ በቲ ብርእይቶ ክንፋላለ እንክለና ነንሕድሕድና ክንቀራረብ ወይ ክንላዘብ እንክሎና ብነርእዮ ባህርያት ተግባራትን እዩ ዝምዕበል። እዚ እዩ ኸኣ እቲ ዛራ ሰላም ብዕላማ እትቃለሶ።

## 🚫 ብናይ ዛራ ሰላም ሜድያ ኣረኣእያ ሰላም ማለት ዘይኮኑ ነገራት

ሰላም ማለት እዚ ኣይኮነን

- ❌ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ውድባት (ሓይልታት) ዘተ ምክያድ
- ❌ ኣብ መንጎ ናይ ተቓውሞ ውድባት ዕርቂ ምክያድ
- ❌ ኣብ መንጎ ደገፍቲ መንግስትን ተቓውሞን ዕርቂ ምክያድ
- ❌ ምድጋፍ ዝኾነት ውድብ ወይ ከኣ ሰልፊ ፖለቲካዊ መርገጻን ርእይቶኣን ወይ ፖሊሲኣን ብዘየገድስ

ዛራ ሰላም ሜድያ ናይ ፖለቲካ ሽርሻሪት ወይ ዓራቒት ኣይኮነትን። ኣብ መንጎ ሓይልታትን ጉጅለታትን ክንዓርቕ መደብና ኣይኮነን።

## 🌟 ብርእይቶ ዛራ ሰላም ሜድያ ሰላም ማለት እዞም ዝስዕቡ እያ፡

ሰላም ነዞም ዝስዕቡ ንምትግባር ምስራሕ እዩ፡

- 🌿 ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራውያን ሕኑን ጎነጻውን ዘተኸፋፈለን ምዃኑ ምቕባል
- 🌿 ፖለቲካዊ ፍልልያት ኩሉ ግዜ ክህልዉ ምዃኖም ምእማን
- 🌿 ፖለቲካዊ ፍልልያት ምህላው ጽልኢ ክስዕብ ከምዘይብሉ ምእማን
- 🌿 ካብ ናትካ ዝተፈልዩ ርእይቶታት ንምስማዕ ትዕግስቲን ተጻዋርነትን ምምዕባል
- 🌿 ኣብ ክትዕን ምምይያጥን ባእሲ ምውጋድ
- 🌿 ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ልዑላውነትን ነጻነትን ሃገሩ ኤርትራዊ ከምዝኣምን ምቕባል
- 🌿 ሰዉኣትናን ስንኩላትናን ቃልስናን ብዘይቅየር ኣኽብሮት ክንዝክሮም ከም ዘለና ምቕባል
- 🌿 ዝኾነ ፖለቲካዊ መርገጽ ንልዑላውነት ሃገርናን ክብሪ ሰዉኣትናን ዘነኣእስ ክኸውን የብሉን
- 🌿 ኣብ ክትዕና ሰዓርን ተሳዓርን ዝብል ኣተሓሳስባ ምውጋድ
- 🌿 ክንካታዕ እንክለና ክንርዳእ እንበር ክንስዕር ኢልና ክንቀርብን ክንሓስብን ከምዘይብልና ምዝካር

ሰላም ማለት ብሰነ ስርዓትን ኣኽብሮትን ጽን ኢልካ ብትዕግስቲ ምስማዕን ፣ ዋላ ኣብ ሓደ ሓሳብ እንተዘይ ተረዳዳና ሓደ ህዝቢ ምዃና ምዝካርን እዩ።

## 🌼 ደምዳሚ ሓሳብ፡

ዛራ ሰላም ሜድያ ሰላም በቲ ነንሕድሕድና እንዛረበሉ ኣቀራርባ ከም ዝጅምር ትኣምን። ኣዘራርባናን ኣቀራርባናን እንተ ቐይርናን ኣመሓይሽናን ሓድነትና ከነጽንዕን መጻኢና ክንቅይርን ክነመሓይሽን ምሉእ ተኽእሎ ኣሎና።

**ኣብ መደምደምታ ድማ ኩላህና በቲ እንኽተሎ ሃይማኖትን ኣገባቡን ናብ እግዚኣብሔር ጸሎት ምቕራብ ከይንገድፍ ንላቦ።**